**29/10/2010**

# 36 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብሰላም ኣዲስ ኣበባ ኣትዮም፤

36 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ 2-19 ኣዋርሕ ኣብ ቤት-ማእሰርትታት ግብጺ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ትማሊ 28 ጥቅምቲ 2010 ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ዕቑባ መሰል ረኺቦም፡፡ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ድማ ብሰላም ኣዲስ ኣበባ ኣትዮም፡፡

ካብዞም ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቶም፡ 19 ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ክኾኑ ከለዉ፡ $2^{ተ}$ ህጻውንትን 11 የሕዋት ደቂ-ኣንስትዮን ይርከብዎም፡፡ እቶም $2^{ተ}$ ድማ ተመሃሮ ዝነበሩ'ዮ፡፡

ነዞም ትማሊ 28 ጥቅምቲ 2010፣ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ዝኣተዉ 36 ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ኣባል ፍሪኤርትራ ዶት ኦርግ ኣቶ ተኽለ ኣማን ድሕሪ ናይ እንቋዕ መጻኹም፡ ናይ ሞራል ደገፍ ጌርሎም፡፡ ብዘይካ'ዚ ኣቶ ተኽለ ኣማን ምስ የሕዋቱን ደቁን ዝኣተዉ ስደተኛታት ናይ ሓደ ሰዓትን ፈረቓን ዘተ ድሕሪ ምክያድ፡ ክሳብ ትማሊ ዕለት ንዝኣተዉ ነቶም ዝተሃሰዩ ወገናት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ጌርሎም፡፡

ቤ/ጽሕፈት ምምሕዳር ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA) ክሳብ ሎሚ ዕለት 1916 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ግብጺ ተቀቢሉ ይርከብ፡፡

**ትማሊ 28 ጥቅምቲ, ካብ ዝኣተዉ የሕዋት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘርኢ ምስሊ ብኸፊል፡**



